# <u>ዮሃና ኤርትራ</u>

ኩርዒ ተሓጎሲ ሃገርና ኤርትራ፡
እነሆ ዕስራ ዓመት ኮይኑ ካብ ትወጺ ሓራ።

ዲጋታት ተኻዒቱ ጽርግያታት ተዘርጊሑ፡
ናይ ልምዓት ዕድልኪ ብግቡእ ሰፊሑ፡
ዓቢ ምስንኡሽተ ውሉድኪ ሰሪሑ፡
ንኽብርን ሉዑላዊነትክን ይሕሉ ተጊሁ።

ዓንብቢ ስስኒ ኤርትራ ሃገርና፡
ኩርዓትና ሓበና መፈለጢ ህላወና፡
ክሕጎሱ ፈተውቲ ክሓፈሩ ጸላእትና።

ብዓቕሊ ብትዕግስቲ ብሰፊሕ ልቦና፡
ፈተውቲ ሓቑፍና ጸላእቲ መኪትና፡
ኣብ ዓለም ኣፍሊጥና ሕቡን መንነትና።

እዚ ዘይተዋሕጠሎም በዓል እከይ ግብሮም፡
ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ምሰ መለስ መኺሮም፡
ካብ የሕዋቶም ውን ንወያኔ ኣሚኖም፡
በዚ ፍሹል ዕላማ ንህዝቦም ከሲሮም።

ብምልኩዕ መጋዚን ብምሩጻት ቃላት፡

ክነዝሑ ጀሚሮም ዓቐን ዘይብሉ ሓሶት።

እንታይከ ዘይገበሩ ታሪኽ ክቕልብሱ፡

ተኻሉ ክንሶም ቆርበት ሰብ ዝለበሱ፡

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኖም ጉድኣት ሃገር ክለውሱ፡

ሕጂውን ነይገደፉ ገና ነይደቀሱ፡

ሕልምታት ሓሊሞም ሃገርና ከድቁሱ።

ዝተማሕለ ማሕላ ኣብ  ቃልሲ ናጽነትና፡

ብዓሌት ብሃይማኖት ከይትምቀል ሀገርና፡

ዕድልውን ከይንህብ ንምሑላት ጸላእትና፡

ኣሻቦኣም ደኣ ረሲዖሞ መሳኪን የሕዋትና።

## ዘለ ኣለማዊ ዝኽርን መጎስን ንሰማእታት ኤርትራ !

## ዓወት ንሓፋሽ !!